2-7-2011

# ናብ ኩሉም ደቂ ሓደ ልቢ ኤርትራዉያን

ስርዓት ወያነ ምዕባለ ኤርትራ ስለዘይተዋሕጠሉ በቲ እሱ ዝመርሒ ኢጋድ ገሩ ንሕቡራት መንግስታት ዓለም ንኤርትራ ናይ ቁጠባ ማዕቀብ ክግበረላ ብፍላይ ናይ ማዕድን ዕደናን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ገንዘብ ከይልእኩ ዕቀባ(Sanction) ክግበር ሓቲቱ ኣሎ፡፡ እቶም ሞኒቶሪንግ ጉሩፐ ዝበሃሉውን፡ ነዚ ናዚ ሓሳድን ቀናእን ስርዓት ወያነ ድሌት ንምርዋይ መርትዖ ዘይብሉ፡ ክስታት ኣብልዕሊ ሃገርና ከቕርቡ ይዳለዉ ኣሎዉ፡፡ ዝሓለፈ ዝተገብረ ዕቀባ ክሳብ ለይቲ ሎሚ መንግስትና መርትዖ ክቕርበሉ እኳ እንተሓተተ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ዝቐረበ መርትዖ የለን፡፡ ሃገርና ሳላ ጻዕራም ህዝባ ብፍላይ ድማ ሳላ ዋርሳይ ይካኣሎ፡ ካብተን ጥምየት ዘንጻላልወን ዘሎ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ምውጻኣ፡ ከምኡ ድማ መሬት ኤርትራ ኩሉ ብማዕድን ብምሽፉኑ፡ ንወያነ ርእሲ ሕማም ኮይኑዎም ኣሎ፡፡ ናይ ዓቕሊ ጽበቶም ንሕዝቢ ኤርትራ ብጥምየት ከንበርኩኹዎ ኢዮም መሪዖም ዘሎዉ፡፡ እዚ ብሕጊ ተቐባልነት ዘይብሉ ማዕቀብ፡ ህዝብና ጠምዩ ከይ ዕንገል፡ ሓሚሙ ከይ ክሕበም፡ መድሓኒት ከይረክብ፡ ንሕና ኣብ ደገ ዘሎና ድማ ብቲ ኩቡር ባሕልና ገንዘብ ሰዲድና ስድራና ከንዕንግል፡ ከይነሐክም ፡ ንምዕባለ ሃገርና ከይንሕግዝ ዝዓለመ እከይ ተግባር ኢዩ ፡፡ እዚ እኩይ ግብሪ እዚ ንኹልና ብዘይ ኣፈላላይ ስለዝጸልዎና ሕጂውን ክምትማሊ ብሓደ ድምጺ ክንምክቶ ይግባእ፡፡ ሓምለ 6, 2011 ኣብ ሙሉእ ዓለም ዘሎና ኤርትራዉያን፡ ነዚ ዘይፍትሓዊ ህዝብና ንምጥማይ፡ ብሕማም ንኽሳቐ ተወጢኑ ዘሎ ማዕቅብ ክምዘይ ንቕበሎ ንኣባልት ጸትታ ሕቡራት መንግስታት ዓለም ፋክስን ኢመይልን ንገብረላ ዕለት ኢያ፡፡

ዝኸበርኩም ኣሓትን ኣሕዋትን እዚ ናይ ፖለቲካ ጉዳይ ኣይኮነን፡ ብምኽንያት ቁጠባዊ ዕቃብ፡ እንተላይ ቤተሰብኩም ብጥምየትን ሕማምን ክሳቐዩ ክምዝኽእሉ ኣይትረስዑ፡፡ ነዚ ሓሳዳትን ቀናእትን ዉጠን ሎሙውን ክምትማሊ ብሓደ ድምጺ ከነፍሽሉ ይግባእ፡፡ ነዚ ኮነ ኢልካ ሕዝብና ብጥምይት ንምብርካኽ ዝግበር ዘሎ እከይ ዉጥን ክምዘይ ንቕበሎ ፋክስን ኣሜይልን ክንገብር ንሕተት ኣሎና፡፡ ኣብ ኣለናልኪ ዶት ኮም([www.alenalki.com](http://www.alenalki.com)) ኩሉ እቲ ፋክስን ኢመይልን ኣሎ፡፡ ሽምኩም፡ ኣድራሻኹምን ኢሜልኩምን ምጽሓፍ ጥራሕ ኢዩ ዘድልየኩም፡፡ ካብ ደቒቕ ንላዕሊ ዝወስድ ኣይኮነን፡፡ ክሳብ ሰሉስ ዘሎ እዋን ክትገብሩዎ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ደቅና ውን ክመልኡ ንግበር፡፡ እቶም ኮምፒተር ዘሎና ነቶም ዘይብሎም ዜጋታት ክንሕግዞም ፡ ዝሰማዕና ንዘይሰምዑ ከነስምዕ ምትሕብባርኩም ኣይፈለየና፡፡

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ መኸተ ሁይስቶን!!!